# ፫ይ ሰንበት ዘጽጌ 2019 ዓ.ም.

## ጥቅምቲ 15 2019 ዓ.ም. (10/25/2026).

# ናይ መንፈስ ነጻነት ካብ ማርያም ንመሃሮ

**መዝሙር:** ወመኑ መሓሪ ዘከማከ...ከማኻ ዝበለ መሓሪ መንአሎ፥ ምስ ኖኅ ኪዳን ዘጽናዕካ፥ ንደቂ እስራኤል መና ዘውረድካሎም፥ ንምድሪ ብዕምባታት ዘገጽካ፥ ሰማይን ምድርን ዝፈጠርካ ፀሓይን ምድርን ዘሰናዶኻ፥ ኩሉ አባኻ ተስፋ ይገብር፥ ከማኻ መሓሪ መን አሎ።

**ንባባት:** ኤፌ. 4፡17-ፍ፥ ያዕ 4፡1-11፥ ግ.ሓ. 19፡8-21፥ ሉቃስ 11፡37-41።

**ምስባክ:** ጻድቅሰ ከመ በቀልት ይፈሪ፥ ወይበዝኅ ከመ ዘግባ ዘሊባኖስ፥ ትትኩላን እምንተቱ ውስተ ቤተ እግዚአብሔር። ጻድቃን ከም ስየ ይልምልሙ፥ ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ይዓብዩ፥ አብ ቤተ እግዚአብሔር ዝተተኽሉ እዮም መዝ. 92፡12።

አብ ታሪክ ሕይወትናን ካልኦትን እንተ ረኤና አምላኽ ዝገበረልና ርኢና ክንክእል ኢና። እስራኤላውያን ክንስሑ አብ አምላኽ ክምለሱ ነቲ ነቦታቶም ዝገበሮ ዘኪሮም ይምለሱ ነሮም። ከማኻ ዝበለ መሓሪ መን አሎ ክብል እንከሎ ዕብየትን ምሕረት አምላኽ ክነስተንትን እሞ ተገሩለይ ተማሒረ ኢልና አብ ሕቕፊ አምላኽ ክንምለስ ሽዑ ጣዕሚ ደቂ ቤት ክነስተማቕር ንማለት እዩ። ንግንያት አምላኽ ክንርኢ እንተ ዘይከአልና ፍቕሩ ክንርኢ ከጸግመና እዩ ስለዚ አምላኽ ዝገበረልና ክንርኢ ሎሚ ምስ ማርያም ኮና አምላኽ ዝገበረለይ ዓበይቲ ነገራት እርኢ አሎኹ እናበልና ነመስግን።

፫ይ ሰንበት ዘመነ ጽጌ ክንዝክር ከሎና እምብአር ብፍሉይ ንሎሚ ክንስተንትኖ ዝድለ ዘሎ ካብ ማርያም እንምሃሮ ብዙሕ ነገራት እኳ እንተሎ ንሎሚ አብ ማርያም ዝነበረ ናይ መንፈስ ነጻነት እዩ። ንሳ ንአምላኽ ንዝበልካኒ ሕራይ ምስ በለት ምስኡ ስለ ዝተወሃሃደ ምሉእ ነጻነት ረኺባ። አብ ሕይወታ ንኹሉ ናይ እዚ ዓለም ስቓያት አውንዚፋ ልዕሊኡ ርእያ ስለ ዝኽአለት ንአኣ ካብ አምላኽ ዝፈሊ አይተረኽበን እዚ ኸአ እዩ እቲ ዝለዓለ ነጻነት ንሕና ደቂ ሰብ ክንረኽቦ ዘድልየና።

አብ ሕይወትና አብነት እትኾነና እምብአር ማርያም እያ። ሕይወት ማርያም ክነስተማቕር እንከሎና ብዙሕ እንምሃሮ አሎና። ንሳ ልዕሊ ኩሉ ዝገብሩ ምስ አምላኽ ዘልአ ርክብ እዩ። አብኣ ኃጢአት ዝብልዎ አይነበረን የለን ክህሉ እውን አይኮነን። ኃጢአት አብዘይብሉ አምላኽ አሎ። ሕይወት ማርያም ነቲ አምላኽ አብኣ ዝገበሮን ነቲ ንሳ ንአምላኽ ክተመስግን ዘርአየቶ ምስጋናን እዩ ዝገልጽ። አምላኽ መልአኹ ልኢኹ አደ ወዱ ክትከውን ከም ዝደሊ ምስ ገለጸላ ወላ እኳ ክትርድኦ ቀሊል አይንበር ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ። ከም ማርያም ክንልአኾ ክንሰምዖ ምስኡ ጥቡቕ ሕይወት ክህልወና ድላዩ እዩ።

አምላኽ ካባይ ሎሚ አብዚ ዕድመ አብዚ ሃገር፥ አብ ስድራይ ሓዳረይ፥ አብ ቁምስናይ፥ አብ ዘለኽዎ ሕብረተ ሰብ እንታይ ክገብር ይደልየኒ፡

- **ሕረይ ክንብሎ ይደሊ።** ዝተፈላለየ ዕድመ ምስኡ ዘወሃህደና ይልእከልና። አብ ገለ እዋን ክንበጽሖን ክንርድኦን ብዘይንኽእል መገዲ ገሩ ይሓተና። አብ ቅዱስ መጽሓፍ ታሪኽ ዮናስ ነብይ እንተ ረኤና አምላኽ አብ ሰብ ንነዌ ከይዱ ክንስሑ ክንገሮም ክልእኮ ደልዩ እንተኾነ ዮናስ አብ መጀመርያ ምቕባል አብዩ። ነቲ አምላኽ ዝበሎ አብዩ አብ ዝደለዮ ምስ ከደ አብ ባሕሪ ምስ ተደርበየን አብ ከርሲ ዓሣ ምስ ሓደርን ግን ሕራይ ኢሉ ከይዱ። ኪድ ሰብ ንነዌ ክንስሑ ተለአከኒ ኢልዎ። ንአና እውን ብተመሳሰሊ ተለአኺኒ ዝብል ሕቶ ኩሉ ጊዜ የቕርበልና ጸጊሙ ዘሎ ድምጺ አምላኽዕካ ዘይምኽአል እዩ። አብ ኢሳያስ 6፡8 ሽዑ እግዚአብሔር ንመን ክልእኽ መንከ ክኸደልና እዩ፥ ክብል ከሎ ሰምዕኩ አነ እውን እነኹ ልአኽኒ በልኩ ዝብል እግዚአብሔር ልኡኻት ከምዝደሊ ነንብብ። አብ ኤርምያስ 1፡4-9 አብ ከርሲ አዴኻ ኽይሓነጽኩኻ ኃሬኹኻ ከይተወልድካ ኸአ ቐደስኩኻ፥ ነሕዛብ ነብይ ክትከውን ድማ መደብኩኻ . . . . ናብቶም ዝልእከካ ሕዝቢ ኺድ እቲ ዝእዝዝካ ኹሉ ድማ ተዛረቦም በሎ። እዝን ካልእን አምላኽ አብ ግራቱ መተዓይይቲ ዝልኣኹ ይደሊ። ከም ማርያም ሕራይ ክንብሎ ይደልየና።

- **ምስጢር መልእኽትና ክንፈልጥ የደልየና፡** ማርያም ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም ክትብል እንከላ እቲ አብአ ሓዲሩ ዘሎ ወዲ አምላኽ ምንጪ ናይ ኩሉ ዘልአ ጸጋ ስለ ዝኾነ ነዚ ርእዮም ዝኽአሉ ከኽብርዋ እዮም። ብጽእቲ ክብልዋ እዮም። ዕብየት ጸጋ አምላኽ አባና ሓዲሩ ዘሎ ወይስ ተዋሂቡና ዘሎ ክንፈልጥ እንተ ከአልና እቲ ዝዓበየ አብ ጉዕዞ ድኅነት ከም እንጉዓዝ ሓይሊ ዝኾነና እዩ። ኩልና አብቲ አምላኽ ክንልአኾ ዝደለዮ ገለ አብ ኪዳናዊ ሕይወት ክነብር፥ ገለ ብክህነታዊ ወይ ምንኩስናዊ ሕይወት ሒዝና ክነብር ጸዊዕና አሎ። ምስጢር ጸዋዕታና ንቅድስና ሕይወትና እዩ። ክንቅደስ ኢሉ በዚ ሕይወት መስክረኒ ኢሉ ሂቡና አሎ። እሞ ሎሚ አብቲ ዘሎናዮ ሕይወት ምስ አምላኽ ዘሎኒ ርክብ ክርኢ የድለየኒ አሎ።

- **ክንልአኾ የደሊ፡** ኢየሱስ አብ መስቀል እንከሎ ነዲኡ እዚኦም ደቅኺ እዮም እናበለ ለበዋ ሂብዋ። ካብ ሕጂ ንድሓር አብ ሕይወቶም ዘድልዮም ካባኺ ክረኽብዎ አደ ኮንኪ ካብ ዝኾነ መንፈስ ዝኽትምና ነጻ ኮይኖም ክነብሩ ሓደራኺ ተለአኽኒ ኢልዋ። ንሳ ከም ልማዳ ሕራይ ኢላቶ። ንደቃ ወደይ ዝብሎ ስምዑ እናበለት በብእዋኑ ትዛረበና። ልኡኻት አምላኽ ኮና ክንርከብ ኩሉ ጊዜ ዕጥቂ የድልየና። አብ መንጎ ውራይና ከይዓዘና እሞ መልእክቲ አምላኽ ከይንዝንግዕ። ሓወይ ሓፍተይ መልእኽትኻ/ኺ ተብጽሕ/ሒ ዘሎኹም እናበልና ክንዝክር እሞ ክንሕድሶ እዚ አጋጣሚ ንጠቐም።

ሕይወት ማርያም አብዚ ሰለስተ ነገራት ተመስሪቱ ይምራሕ ስለ ዝነበረ ምሉእ ነጻነት ነርዎ። ቅዱስ ጳውሎስ አብ መልእኽቱ ናብ ሰብ ገላትያ ዝጸሓፎ ከም ዝብሎ ብዝኾነ ነገር ተቐሪና ካብ አምላኽ ከይንወጽእ እሞ አብ ባርነት ከይንነብር ይነግረና። አብ ሕይወትና አብ ገለ ነገራት ጥራሕ ቀዳምነት ሂብና እንተ ነበርና ባርነት እዩ ሕይወትና። አብ ባህሊ፥ ዓለትነት፥ ሕማቕ ጠባይን አተሓሳስባን፥ ሕማቕ ልምድን ወልፍን. . . ኩሉ ባራዩ ይገብረና። ካብዚ ኹሉ ክንወጽእ አብነትና ማርያም እያ። ንሳ ንጓሂ ንስቓይ ንፈተና ንኹሉ አሸኒፋ ዝተዓወተት እያ። ንቃል አምላኽ ዝሰምዑ ዕዉታት እዮም ኢሉና ክርስቶስ (ሉቃስ 11፡27-28)። ዓወት፥ ነጻነት በቲ አምላኽ ዝደልዮ ክትጉዓዝ እንከሎኻ ጥራሕ እዩ። እሞ ከመይ ንጉዓዝ አሎና ከምህዝቢ ከም ቁምስና ከም ካቶሊካውያን ጉዕዞና ብምንታይ ይልለ አሎ። ሰባት እዚኦምስ ናይ ክርስቶስ

አርድእቲዶ ይብልና ወይስ ሕብርና ጠፊእዎም አየለልዩናን አለዉ። ክንልለየሉ እንኽእል ግብሪ ይሃልወና።

ታሪኽ ሰብ ቃልሲ ንነጻነት እዩ። ካብ መጀመርያ ፍጥረትና ነጻ ክንከውን ኢና እንደሊ ሰይጣን ክቆርነና ከማና ዝበለ ሰብ ክገዝአና አይንደልን ኢና። ነጻ ምኳና ህያብ አምላኽ እዩ። አብ ዝተፈላለየ ሃገራት ነዚ መሰል ክሕልዉ አማእት መይቶም። ምእንቲ ነጻነት ዝተኸፍለ ሕይወት ብዙሕ እዩ። ሰብ እምብአር ሥጋውን መንፈሳውን ነጻነት ከምዝድልዮ አብ ሕቶ ዝቐርብ አይኮነን። ክልቲኡ ነጻነታት ዝለዓለ ዋጋ እዩ ዝኽፈሎ።

- ሥጋዊ ነጻነት፥ አብዚ ዓለም ነዚ ክረኽቡ ዝሞቱ እሞ ነጻነት ዘምጽኡ ንሕና ከም ህዝቢ አብ ዓድና ርኢናዮ። ብዙሓት አሕዋትና መይቶም ነጻነት አልቦሶምና። ሥጋዊ ነጻነት እንተ ዘይሓሎኻዮ ሕጊ እንተ ዘይገበርካሉ ናይ ኩሉ መሰል ክጎድሎ እንከሎ መልክዕ ባርነት ይለብስ እዩ ስለዚ ነቲ ብሞት ብዙሓት ዝመጸ ዘይናቱ መልክዕ ዘትሕዙ ከይጎብጥዎ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ሓላፍነት እዩ። ደቂ ሃገር ኩሎም አብ ሓለዋ ነጻነት ሃገሮም ማዕረ ዝኾነ ሕልናዊ ሓላፍነት አለዎም። አብ ስልጣንን ሓላፍነትን ጥራሕ ዘለዉ እዮም ዝሕተቱሉ ኢልና አእዳውና አጣሚርና ሱቕ እንተ በልና ነጻነትና ክግሃስ ይክአል እዩ ስለዚ ክንበራበር የድልየና።

- መንፈሳዊ ነጻነት እውን ናቱ ባህርን ግድነታትን አለዎ። ሰብ መንፈሱ ካብቲ አምላኽ ዝደልዮ አውጺኡ ክነብር እንከሎ እቲ ዝገደደ ባርነት ለቢሱ ይርከብ። ንሰብ እምብአር እቲ ዝኸበደ ግፍዒ መንፈሳዊ ነጻነቱ ክግፈፍ እንከሎ እቲ ዝኸፍኤን ዝዓበየ ግፍዕን እዩ። ክርስቶስ ነዚ ክመልሰልና ኢሉ አብ መስቀል ተሰዊኡ። ነጻነትና ዋጋ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ክቡር እዩ፥ ነዚ ጸጋ ህያብ አምላኽ ብዝኾነ መገዲ ዝምንዝዓልና ሓይሊ ክይርከብ ብርቱዕ ሓለዋ የድልየና። አብ መንጎ ንነጻነት ዝግህሱ ሕልና ሰብ አብ ናይ ሰይጣን መገዲ ክጉዓዝ ዝገብሩ ከይርከቡና ብድፍረት ክንከላኸል ክንስዋዕ ግደን እዩ። መመህርና ክርስቶስ ንሓቂ ንጽድቂ ብድፍረት መስኪርዋ ኢሉና። ጎይታይ ጎይታይ ዝብል አይኮነን ዘድልየኒ ይብለና አፍአዊ ክርስትና ስለ ዝበዝሐ ዓለምና ትሳቐ ትዋረድ ንርኢ አሎና። እምነትና ፍቕርናን አብቲ አምላኽ ዝሃበና ነጻነትን ተመርኲሱ ክሕደስ እዋኑ እዩ። ካብ ዝኾነ መንፈሳዊ ባርነት ነጻ ወጺእና እሙናት ክርስትያን እንኾነሉ ጊዜ ኢና ዘሎና። ዘመነ ጽጌ አሰር ማርያም ተኸቲልና ናይ ተሓድሶን ሾስኮሳን ክገብረልና ብእምነት ንለምኖ።

- ሰብ ሎሚ ባዕሉ ብዝመሃዞ ተገዚኡ ንባርነት ናተይ ኢሉ ኢዱ ሂቡ ዘሎ እዩ ዝመስል። ብፍላይ አብዚ ምዕቡል ዝብሃል ዓለም ዘሎና ክበዱ ብፍላይ ክርአየና ይክእል። ኢንተርነት፥ ተለፎን ተለቪዥን፥ ኩሉ ካልእ ናይ ዘመና ምህዞ ንጥቕምና እዩ ተማሂዙ እንተኾነ ሕማቕ ወልፊ አሕዲሩልና ግዙአቱ ኮና ንርከብ አሎና። ሎሚ ተለፎን አብ ኢዱ ዘይሓዘ፥ እንተርነት ዘይጥቀም ኢመይል ዘይከፈት የለን ዳርጋ ወልፊ ኮይንና ብአጋጣሚ ተልፎን ረሲዑ ዝኸደ ዓቢ ነገር ዝጎደሎ ኮይኑ ይስምዖ ተለፎን ከም ቀንዲ ክፍሊ ሕይወቱ ገይሩ ዝወስድ ውሑድ አይኾነን፥ ቆልዑት እታ ዝበለጸት ህያብ ዝጽበይዋ ስድርኦም ተለፎን ክገዝኡሎም ምስ አዕርኹቶም ክራኸቡ ተክስት ክገብሩ፥ እዚ ኹሉ ጽቡቕ ምህዞ እዩ እንተኾነ ካባና ንላዕሊ ርኢና ክንካየድ ከሎና ግዙአቱ ኮና ብዘይብኡ ዓለም ትጽልምተና እዚ ናይ ዘመና ባርነት ምህዞ ደቂ ሰብ ሓዲግና አብ እቲ ሓቀኛ ርክብ ዝህበና አምላኽ ክንምለስ ቤተ ክርስትያን አብዚ ዘመነ ጽጌ ትምሕጸነና አላ። ካብ ባርነት

ድንቁርናን ናይ ዘመና ግጉይ አጠቓቕማ ተክኖሎጂ ሓዲግና ዋናታት ምህዞና ጉዕዞና ክንከውን።

አብ ወንጌል ብውሽጥናን ብደገናን ሓደ መልክዕ ለቢስና ክንጉዓዝ ይደልየና። ፈሪሳውያን ንግዳማዊ ሕጊ አብ ምኽባር ባህሊ ስርዓት እናበሉ ዘይመገዱ አትሒዞሞ ንዝነበረ ክርስቶስ ብግሁድ ተቓዊምዎም። ብደገ ምልኩዕ ብውሽጢ ግን ዝመሽመሸ ሬሳ እንተ ኾነ ዋጋ የብሉን። ውሽጥና ሒዝዎ ዘሎ እዩ እቲ ቀንዲ እምበር ግዳማዊ ነገራት አይኮነን። ሰንበት ሰንበት አብ ቤተ ክርስትያን እንተ መጻእና ግን ምስጢራት ዘይንካፈል፥ አብ ቂምታን ቅርሕንትን እንነብር ሓመይቲ፥ ዓመጽቲ እንተኾና፥ ካብ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ርሒቕና እንነብር እንተኾና አብ ቅድሚ አምላኽ ዓስቢ የብልና ስለዚ ክንምለስ መገድና ክንቅይር እሞ ንአምላኽ ክንሰምዖ ቅድስና ለቢስና ክንሕደስ ንጽዋዕ አሎና።

ማርያም ሒዝና ክንጉዓዝ ከሎና አብአ ተስፋ ድሕነት ስለ ዝርከብ አብ ማእከልና ነሕድራ። ቀዳመይቲ ማሕበር ክርስቶስ ድሕሪ ሞት ኢየሱስ አብቲ ብፍርሒ ተሸቒሪራትሉ ዝነበረት አብ ማእከላ ኮይና እተጸናንዓን ሓንቲ እትገብራ ዝነበረት ንሳ እያ። ማርያም አብ ማእከልና እንተላ ምሕረት ሕድገት ሰላም አብ መንጎና አሎ። ሎሚ አደ ኩንና ኢልና አብ አደና ንመለስ።

ኦ ማርያም አደና ካባኺ ክንምሃር አብነትኪ ተኸቲልና አብ ጊዜ ጽቡቕን ሕማቕን ንወድኽን ንአኽን ከምእነሓጉስ ግበርና። ነቲ ወድኺ ዝበለና ክንሰምዕ አብ ኩሉ ንሰባት አብኡ ክምዝቐርቡ ክንገብር ሓግዝና ንበላ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ